# ንዝኽሪ ክቡር ተቓላሳይ ዶክተር ሃብተ ተስፋማርያም

መርድእ ዕረፍቲ ተቓላሳይ ዶክተር ሃብተ ተስፋማርያ ብሃንደበት ምስዔይ ብሓቂ ሓዚነ። ነቲ ብሓባር ዝሓለፍናዮ መሪር ናይ ቃልሲ ጎደና ንድሕሪት ምልስ ኢለ ብምርአይ ከአ፣ ንዕኡን ነቶም ኩሎም ዘለዉን ዝሓለፉን ጀጋኑ ተቓለስቲ ብምዝካር አስተንቲነ። ንዶክተር ብወረኡ ዝፈለጥኩዎ ብ1975 ድሕሪ ምግባር ካልአይ ሃገራዊ ጉባኤ ተ.ሐ.ኤ. ኢዩ ኔሩ። አብዚ ጉባኤ'ዚ ዶክተር ሃብተን፣ ዶክተር ገርግስን ዝተባህሉ ካብ ኢውሮጳ ዝመጹ ጉባኤ ተሳቲፎም ከምዝተመርጹ ኢዩ ተሓቢሩና። ብሐቂውን ዓቢ ናይ ቃልሲ ተስፋ አንቢርናሎም።

ዶክተር ሃብተ ታሪኹ ከምዝሕብሮ ቅድሚ ብረታዊ ተጋድሎ ምጅማሩ ካብ ማሕበር ሸውዓተ አትሒዙ ብርሱን ኤርትራዊ ሃገራዊ ስሚዒትን፣ ሐልዮት ህዝቡን ዝተለዓዓለ፣ ንብረታዊ ተጋድሎ ህዝብና ብምድጋፍ ጉዕዞኡ ዘሰላሰለ ሃገራዊ ተቓላሳይ ኢዩ ኔሩ።

ካብ 1975 ክሳብ 1981 ዘሎ እዋን አብ ወጻኢ ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ተ.ሐ.ኤ. ብምምዓብ አብ ዓለምለኻዊ ዲፕሎማስያዊ መዳያት ዝጭበጥ ዓወታት አመዝጊቡ ኢዩ። ኤርትራውያን መንእሰያት ተሰዲዶም ከይድንቁሩ ተማሂሮም ተስፋ መጻኢት ሃገሮም ክኾኑ መታን፣ ነቲ ብሕቡራት መንግስታት ዝካየድ አብ ከሰላ ዝነበረ ቤት ትምህርቲ ዩነስኮ (UNESCO) ካብ ዝመስረቱ ሐደ ኢዩ። ሎሚ ፍርያት ናይዚ ቤት ትምህርቲ'ዚ ዝኾኑ አብ ምሉእ ዓለም ብሂወቶም ዘለዉ ዝምስክርዎ ኢዩ።

እታ ንመላእ ሜዳ ኤርትራ ከዲና ንባዕዳዊ ጸላኢ ብትሪ እትምክት ዝነበረት ተጋድሎ ሐርነት ኤርትራ፣ ብናይ ውሽጣዊ ቅልውላውን አብ ልዕሊአ ብዝተፈጸመ ውዲታዊ መጥቃዕታዊ ወራር ምሕዝነት ወያነ ትግራይን ህዝባዊ ግንባርን ዘጋጠማ ውድቀት፣ ድሕሪ ዝነበረ መድረኻት'ውን እንተኾነ አብ ቃልሲ ጸኒዑ ቀጸለ። ድሒሩ ናይቲ ተጋድሎ ሐርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ተባሂሉ ዝተጸውዔ ሽነኽ አባል ላዕለዋይ መሪነት ብምዃን ከአ ቃልሱ ብጽንዓት ቀጺሉ። ተ.ኤ.ኤ. ሰ/ባይቶ አብ ውሽጥን ወጻኢን ዝተወደበ ቃልሲታቱ ብምክያድ፣ ህዝቢ ቆላሕታ ዘንበረሉ ውድብ ኮይኑ አብዝዓዓዘሉ ዝነበረ መድረኽ ከአ፣ ሕማቕ ዘሕዝን ናይ ታሪኽ አጋጣሚ ኮይኑ አብ ክልተ ምስ ተኸፍለ፣ አካል መሪሕነት ተ.ሐ.ኤ. ሃገራዊ ድሕነት ጸኒሑ ከአ አቦ ወንበሩ ብምዃን ተቓሊሱ።

ዶክተር ሃብተ ፈለማ ንምሉእ ነጻነት ኤርትራ ጸረ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ፣ ቀጺሉ'ውን ህዝቢ ኤርትራ አብ ትሕቲ ልዑላውነት ግዝአተ ሕጊ እትመሓዳደር ደሞክራስያዊት ሐራ ኤርትራ ንምርግጋጽ ጸረ ምልካዊ ምምሕዳር ስርዓት ህግደፍ ከይተሐለለ ብሓፈሻኡ ሰለስተ ርብዒ ካብ ዕድሜኡ ዝተቓለሰ ሃገራዊ ሐርበኛ ባእታ ኢዩ።

በዚ አጋጣሚ ንዕኡ መንግስተ ሰማይ የዋርሶ፣ ንክብርቲ ብዓልቲ ቤቱ አድያም ተኽሊት ምስ ደቆምን ቤተሰቦምን ከምኡ'ውን ንውድብ ሃገራዊ ድሕነት አባላቱን መሪነቱን ከአ ጽንዓት ይሃብኩም ብምባል ናይ ሐዘንኩም ተኻፋሊ ምዃነይ እገልጽ።

ክቡር ሐርበኛ ተቓላሳይ ዶክተር ሃብተ እቲ ምእንቲ ምርግጋጽ ነጻነትን ሐርነትን ብሐባር ዘሕለፍናዮ መሪርን ጥዑምን ሃገራዊ ናይ ተጋድሎ ጉዕዞ ከቶ አይንርስዕን። ክሳብ ተራና በጺሑ ነርክበካ ከአ ድሐን ኩን!!

ተስፋይ ተኽለ

ሕቡራት መንግስታት አሜሪካ - ሳንድየጎ።